# ሪፖርታጅ ፌስቲቫል ኤርትራ 2009
# ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ብዓወት ተዛዚሙ

**9ይ ፌስቲቫል ኤርትራ ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ብዓርቢ 3 ሓምለ 2009 ኣብ ከተማ ለንደን ዝጀመረ፡ ብሰንበት 5 ሓምለ 2009 ብውዕዉዕ ድምቀት ተጸዛዚሙ።**

ኣብቲ ናጻ መስመርና ዋሕስ ልምዓት ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ዝተኻየደ ሰፊሕ ፌስቲቫል ካብ ዝተፈላለየ ከተማታት፡ ማለት ካብ በርሚንግሃም ማንቸስተር ሊድስ ሊቨርፑል ኤድንብራ ስኮትላንድ ዝመጹ ኤርትራውያን፡ ላዕለዋይ ሉኡኽ መንግስቲ ኤርትራን ግንባርን ኣቶ ዓብደላ ጃብር ሓላፊ ውድባዊ ጉዳያት ህግደፍ፡ ኣምባሳደር ሃገረ ኤርትራ ኣቶ ተስፋሚካኤል ገራህቱን፡ ዓበይቲ ዓድን መራሕቲ ሃይማኖትን ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ኣዳራሽ ሓደ-ልቢ ከምዝተኸፍተ ዝዝከር እዩ።

ኣብቲ ናይ ቀዳም ዕለት 4 መደብ ወግዓዊ መኽፈቲ ብናይ ክቡር ዕዱም ሉኡኽ መንግስቲ ኤርትራን ግንባርን ኣቶ ዓብደላ ጃብር ኣብ ጎልጎል ናሮ ቀጽሪ ፌስቲቫል ተኸፊቱ።

ብጉጅለ ዋርሳን ህዝብን ተዓጂቦም ኣብ ቀጽሪ ፌስቲቫል ጎልጎል ናሮ ብሃገራዊ መዝሙር ተሰንዮም ባንዴራ ኤርትራ ሰቀሉ። ኣብ ቀጽሪ ፌስቲቫል ተዳልየን ዝነበራ ቁሸታትን ኮማትን ናይ ማሕበራት፡ ኩርናዕ ህጻናትን ብሽማግለ ምንባይ ስድራ ሰማእታት፡ ሃማደኤ፡ ስእላዊ ምርኢት፡ ውድድር ስፖርት ከምኡውን ናይ ውልቂ ትካላት ትሕዝቶ ዜሮም ተዓዚቦም።

ፌስቲቫል ኤርትራ 2009 ስድራቤታዊ ምትእኽኻብ ዝሓዘለ ብምንባሩ ኣብ ልቢ ኩሉ ኤርትራዊ ባህታ ዝፈጠረ ኔሩ ክበሃል ይከኣል። ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ፌስቲቫል ልዕሊ ኩሉ ኣቶኩሮ ተጌርሉ ዝነበረ ናብ ቆልዑን መንእሰያትን ስድራቤትን ዝጠመቱ መደባት እዮም ኔሮም። ኣብዚ እናማዕበለን እናሓየለን ዝመጽእ ዘሎ ኣብ ምዕቃብን ምምዕባልን ኤርትራዊ ሃገራዊ ክብርታትን፡ ኤርትራዊ መንነትን ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ዝተወልዱን ዝዓበዩን ህጻናትን መንእሰያትን ንባህላዊ ልብሲ ዓዶም ለቢሶም ደርፍታትን ትልሂት ዓዶም ክለሃዩ፡ ብዛዕባ ሃገሮም ብሓባር ክዝትዩ ምርኣይ ገለ ካብ ውጽኢታት ፌስቲቫል 2009 እዩ ኔሩ ክበሃል ይከኣል።

ኣብቲ ናይ ወግዓዊ መኽፈቲ ኣብ ኣደራሽ ሓደ ልቢ ቃል ኻኽስምዕ ንክቡር ኣምባሳደር ተስፋሚካኤ ገራህቱ ናብ መድረኽ ተዓዲሙ።

ኣምባሳደር ተስፋሚካኤል ገራህቱ ኣብ መግለጺኡ፡ ባህላዊ ፌስቲቫል መሳርሒ ለውጢ፡ መነሃርያ መሃዝነትን፡ መፈተሺ ዓቕምታትን፡ ልዕሊ ኩሉ ኸኣ ውዳቤታትና ንምስማርን ንምሕያልን ክንጥቀመሉ ከምዝግባእ ብሰፊሕ ኣብ መግለጺኡ ኣብሪሁ። ከም ኩሎም ዝሓለፉ ፌስቲቫላት ቁምነገርን ምዝንጋዕን ውህደትን ቃልስን፡ ጥርናፈን ሓርኮትኮትን፡ ብደሆታትን ትስፍውነትን ዘንጸባርቐ ኻኽኸውን ድማ እዩ ሎሚ ዓመት ተሰሪሕሉ ኢሉ ኣስሚርሉ።

ኣብ መደምደምታ መደረ ኣምባሳደር፡ እንቋዕ ሓጎሰና ሰናይ ፌስቲቫል ድሕሪ ምባል፡ ነዚ ኻኽንርኢ ዝሰርሑ ኻኹላቶም ምስጋና ድሕሪ ምቕራብ፡ ብፍላይ ነቶም ለይቲ ምስ ማዓልቲ ኣብነት ኮይኖም ከይሰልከዩ ነዚ ምቅርራብ እዚ ዝኣለዩን ዝተወፈዩን ብምምስጋን መደሪኡ ዛዚሙ።

ጎኒ-ጎኒ እዚ መደብ ኣብ ሜዳ ስፖርት ሳዋ ዘትየፈላለዩ ስፖትራዊ ንጥፈታትን ናይ እግሪ ኩዕሶን ጉያን ተኻይዱ።

እዚ ከምዚ ኢሉ ከሎ ኣብ ኣደራሽ ባሕቲ መስከረም ናይ ቆልዑ መደባት ኣሰር፡ ዘተ መንእሰያትን ክካየድ ዊዒሉ። ኣብቲ ናይ መንእሰያት መደብ፡ ነቲ "ፍርቂ ሎሚ ምሉእ መጻኢ'ዩ" ከምዝበሃል ኣብ ሕድሕዶም ተሞኩሮታት ዝለዋወጥሉ ዘተ ኣብ ዝተፈላለየ ኣርእስትታት እዮም ከካይዱ ዊዒሎም።

ነዚ ናይ ሎሚ ዓመት ፌስቲቫል ተወሳኺ ድምቀት ዝሃቦ፡ ሰሚናር ብላዕለዋይ ልኡኽ መንግስቲ ኤርትራ ኣቶ ዓብደላ ጃብር ሓላፊ ውድባዊ ጉዳያት ህግደፍ፡ ንህሉውን መጻእን ኩነታት ሃገርና ኣመልኪቱ ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ።
ኣብ መእተዊ ሰሚናር ኣቶ ዓብደላ ጃብር፡ ኣብ ዝሓለፈ 10 ዓመታት ንኤርትራ ንምብትታን ዝተኻየደ ሽርሒታትን ውዲታትን ብሰፊሕ ድሕሪ ምብራህ፡ ሳላ ጽንዓትን ሓድነትን ህዝቢ ኤርትራ ክፈሽል ከምዝኸኣለ ኣብሪሁ።

ብምቕጻል ኣቶ ዓብደላ ጃብር፡ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ብዙሕ ብልጫታትትን ሕጽረታትን እንተተራእዩ፡ ኣመጻጽኣናን ዝሐለፍናዮም ብደሆታትን መሰረት ምስእንገብር ጥራሕ ኢና ክንደይ ከምእተጓዓዝናን ክንደይ ይተርፈና ከምዘሎን ክንፈልጥ እንኽእል ኢሉ። እዚ ንምግባር ኣብ ቁጠባዊ ልምዓታዊ ማሕበራውን ፖለቲካውን ኣመልኪቱ ኣብ ዝተፈላለየ ኣርእስቲ ሰፊሕ መብርሂ ሂቢ።

ኣብ መወዳእታ ኣቶ ዓብደላ ጃብር፡ ለሚ ኤርትራ ብኽልተ እግራ ደው ኢላ ደልዲላትሉ ኣብ ዘላ እዋን ኢና ንዛረብ ዘለና ድሕሪ ምባል ብተሳተፍቲ ንዝቐረበሉ ሕቶታት ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ፡ ሰሚናር ብዉኦዉዕ መንፈስ ተዛዚሙ።

ድሕሪ ሰሚናር ዝቐረበ መደብ፡ ምምራቕ ተምሃሮ 2009 ካብ ኣምባሳደር ሃገረ ኤርትራን፡ ካብ ላዕለዋይ ሉኡኽ መንግስቲ ኤርትራ ኣቶ ዓብደላ ጃብር ሽልማት ተቐቢሎም።

ሰንበት 4 ሓምለ ብዘተ መርበብ ስድራቤት እዩ ፈሊሙ። ኣብዚ ንመጀመርታ ግዜ ዝተኻየደ ዓውደ-ዘተ፡ ኤርትራውያን ተቐማጠ ለንደን፡ ኣብ ዘዝነብሩሉ ቦታ ተጠርኒፎም ብዛዕባ ኣብ ነንሕድሕዶም ዝተሓጋገዝሉ፡ ባህሎምን ልምዶምን ዝዐቅብሉን፡ ንምዝታይ ናይ ሓባር መፍትሒ ንምንዳይን በቢዞባኦም ተኸፋፊሎም ዘትዮም። ኣብ መወዳእታ፡ ነፍሲ-ወከፎም ዞባታት ግዜያዊ ሽማግለታት ብምምራጽ ኣብ ዝሓጸረ እዋን መሰረታዊ ኣኼባ ንኽካየዱ ተሰማሚያም እቲ ዘተ ዛዚመሞ።

እዚ ከምዚ ኢሉ ከሎ፣ ሓደ ካብቲ ሰሓቢ መደብ፣ ካብቲ ዙውቱር ፍልይ ብዝበለ ንምስሊ ኤርትራ ዘንጸባርቕ፣ ምርኢት ፋሽን ኣብ ኣዳራሽ ሓደ ልቢ ንኽልቲኡ ጾታ ዘሳትፍን ጽባቐ ዘርእን ምርኢት ቀሪቡ።

ፈስቲቫል ኤርትራ 2009 ፍሉይ ካብ ዝገብሮ፣ ንቦሎኛ ዝዘኻኽር ናይ ካምፒንግ ቀጽሪ ብምድላው እዩ። እቲ ከይደኸምካን ከይረሓቕካን፣ ካብ ውሽጦኻ-ንውሽጦኻ ገጽካ ትኳዓዘሉ ቦታ ንሕብሪ መንነትካ እዩ ዘድምቐልካ። ብዙሓት ስድራቤታት ምስ ደቀን ኣብዚ ናይ ካምፒንግ ቀጽሪ ክቕንያ ከለዋ ዳርጋ ናብ ንእሽተይ ቁሸት ኤርትራ እያ ተቐይራ ቀንያ ለንደን ሊቫሊ።

ኣብዚ 3 መዓልታት ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ዝቕመጡ ስነጥበበኛታት፣ ጉጅለ ባህሊ ንናይ ህዝቢ ወኒ ዘንቀሳቕስ ምርኢታት እዮም ከቕርቡ ቀንዮም።

ኣብ መዛዘሚ ስነስርዓት፣ ኣምባሳደር ተስፋሚካኤል ገራህቱ ንናይ ሰለስተ መዓልቲ ፈስቲቫል መዛዘሚ ቃል ድሕሪ ምሃብ፣ ብምሉኡ ተሳታፊ ፈስቲቫል ብጉጅለ ዋርሳ ተሰንዮም ብሃገራዊ መዝሙር ባንደራ ኤርትራ ኣውሪዶም።

ኣብዚ ድማ እቲ ልዕሊ 3400 ህዝቢ ዝተሳተፎ ፈስቲቫል ኤርትራ ብድሙቕ ብዓወት ተዛዚሙ።

ዓወት ንሓፋሽ!
ማእከል ዜና ፈስቲቫል ኤርትራ